# ፩ ሰንበት ዘጽጌ  2019 ዓ.ም.

## ጥቅምቲ 1 2019 ዓ.ም. (10/11/2026)

## ማርያም ቀዳመይቲ ሓዋርያ እያ።

**መዝሙር፡** ትዌድሶ መርዓት እንዘ ትብል ነዐ ወልድ እኍየ ንፃዕ ሐቅለ. . . . መርዓት ንመርዓዊ እናወደሰት ኦ ሓወይ ንዓ ንግዳም ንውጻእ እሞ ወይንን ሮማንን ፈርዩ እንተሎ ንርአይ፥ ንሰማይ ብኸዋኸብቲ ዝሸለመ ንምድሪ ብዕምባባታት ዘጌጸ። ንሱ ሓደ ወዱ ጎይታ ሰንበት እዩ። መርዓት ኦ ሓወይ ቃልካ ጥዑም እናበለት ትውድሶ።

**ንባባት፡** 1ቆሮ 1፡10- ፍ፥ 1ጴጥ፥ ግ.ሓ. 4 -12፥ ሉቃ 10፡1-12።

**ምስባክ፡** 1. ፍሬ ጻማከ ተሜሠይ፥ ብፁዕ አንተ ወሠናይ ለከ፥ ብእሲትከ ከመ ወይን ስሙር ውስተ ጽርሓ ቤተከ። ዕዮ ኣእዳውካ ዘፍረዮ ኽትበልዕ ኢኻ እሞ ብፁዕ ኢኻ፥ መነባብሮኻ ኹሉ ኸአ ኺባረኽ እዩ፥ ሰበይትኻ ኣብ ውሽጢ ቤትካ ከም ፈራይት ወይኒ ኽትከውን እያ መዝ. 128፡ 2-3።

2. እስመ ፈተወ ንጉሥ ስነኪ፥ እስመ ውእቱ እግዚእኪ፥ ወይሰግዳ ሎቱ አዋልደ ጢሮስ በአምኃ። ብመልክዕኪ ንጉሥ ክፈትወኪ እዩ፥ ንሱ ጎይታኺ እዩ እሞ ስገድሉ፥ ሕዝቢ ጢሮስ ገጽ በረኸት ኬምጽኡልኪ እዮም መዝ. 45፡11።

ኣብ ናይ ግዕዝ ኣቆጻጽራ ዘሎናዮ እዋን ካልኣይ ክፍሊ ዓመት እዩ መጽው ይብሃል፥ ካብ 26 መስከረም ~ 25 ታሕሣሥ ዘሎ እዩ።

**ኣብኡ ፫ ንኡሳን ኣዝማን ይርከቡ፡**

1. ዘጽጌ፥ 6 ሰናብቲ ዝሓዘ እዩ፥ ብ፩ ፪ ፫ ፬ ፭ ፮ ይፍለጥ። 2. ዘአስተምህሮ 5ተ ሰናብቲ ዝሓዘ፥ ዘወረደ፥ ዘቅድስት፥ ዘምኵራብ ዘመጻጉዕ፥ ዘደብረ ዘይት። 3. ዘስብከት፥ወይ ምጽኣት 3 ሰናብቲ ዝሓዘ። ዘስብከት፥ ዘብርሃን፥ ዘኖላዊ 3 ሰናብቲ።

ሒዝናዮ ዘሎና ዘመነ ጽጌ ፮ ሰናብቲ ዝጎዘ እዩ። ኣብዚ እዋን ነቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ቤተ ክርስትያን ዘለዎ ርክብ ክገልጽ ኢሉ ብኣምሳል ርክብ መርዓትን መርዓውን ነቲ ኣብ መኀልየ መኃልይ ንወዲ ኀወይ. . . . . መርዓት ትውድሶ ዝብል መሰረት ገሩ ንምሕረት ኣምላኽ ይገልጽ። ኣብዚ እዋን ኣምላኽ ምስ ነፍሲ ወከፍና ርክብ ክፈጥር ይደሊ። እንተ ቐረብናዮ ኣብ ሕይወትና ተሓድሶን ለውጥን ክገጥመና እዩ።

ዘመነ ጽጌ ብፍሉይ ብማርያም ኣቢልና ኣብ ክርስቶስ ክንበጽሕ ዝሕግዘና ጊዜ እዩ። ሕይወት ማርያም ኣብነትና እዩ ንሳ ብኹሉ ንድላይ ኣምላኽ ሕራይ እናበለት ስለ ዝነበረት ዝዓበየት ቅድስት ንብላ። ንሳ ቀዳመይቲ ሓዋርያ እያ ብዛዕባ ወዳ ትነግረና ንሱ ዝበለኩም ስምዑ ትብለና።

ኣብ ናይ ሎሚ ወንጌል ንባብና ቅዱስ ሉቃስ ብዛዕባ እቶም ኢየሱስ ዝልኣኾም 72(12x6) ኣርድእቲ ይነግረና፥ ኣብ ገለ ጽሑፋት 70 ዝብል ንርኢ. እዚ ኸአ ምስቲ ኣብ ዘኍልቅ 11፡ 16-17 ዘሎ ሙሴ 70 ዓበይቲ ዓዲ ዝሓረዮ ክሰማማዕ ንማለት እዩ፥ ኣብ ዘጽኣት 24፡1, 9-14

እቶም 70 ዓበይቲ እስራኤል ምስ ሙሴ ኣብ እምባ ደብረ ሲና ደይቦም ይብለና። ኣብ ዘኍልቅ 11፡26-30 ከምኡ ኣብ ሉቃ 9፡49 ዘሎ መሰረት ገርና እንተ ርኤና 70 ዝብል ብዝያዳ ተቐባልነት ኣለኦ። ኣብ ዘፍ 10 ወለዶ ሰባት ኣብ ዓለም ካብ 70 ወይ 71 ከምዝመጽኡ ንርኢ። ኣብ ብዓለ ዳሳት ኣይሁድ ኣብ ኢየሩሳሌም ኣብ ቤተ መቕደስ 70 ኣብዑር ንመስዋዕቲ ሓሪዶም እዚ ኸኣ ምእንቲ እቶም 70 ነገስታት ኣብ ኣምላኽ ክምለሱ ንማለት እዩ። ሉቃስ ኢየሱስ 72 ኣርድእቲ ልኢኹ ክብል እንከሎ ስብከተ ወንጌል ንኣይሁድ ጥራሕ ዝተሓዝአ ከምዘይኮነ ከመልክት ኢሉ እዩ። እቶም ኣርድእት በብኽልተ ኣብቲ ንሱ ክኸዶ ዝሓሰቦ ኣቐዲሙ ልኢኽዎም፥ እዚ ዝገበረሉ ምኽንያት ከኣ ስብከተ ወንጌል ንግሊ ኣተሓሳስብ ዝሕደግ ከምዘይኮነ እንታይ ደኣ ናይ ሓባር ወይ ናይ ማሕበር ከምዝኾነ ከመልክት ኢሉ እዩ። ዝኾነ ሰብ ብስም ክርስቶስ ዝሰብኽ ምስካልኦት ኣብ እምነት ክሓብር ኣለኦ ካብኦም ተፈልዩ ንበይኑ ክሰብኽ ባህሪ ወንጌል ኣይኮነን።

ኢየሱስ ነዞም ኣርድእቲ ክልእኮም እንከሎ መምርሒ ሂብዎም እዚ መምርሒ እዚ ሎሚ እውን ንነፍስ ወከፍና ንኢየሱስ ዝልእኻ መምርሒ እዩ።

1. **እኽሊ ብዙኅ እዩ ዓየይቲ ግና ውሑዳት እዮም።** እቶም ኣብ ዕዮ ምስ ኢየሱስ ብድለቶም ክዓዩ ዝደልዩን ዝልኣኹ ውሑዳት እዮም። ኣብ ማቴ 9፡37 38 ቅድሚ ነቶም 12 ሓዋርያት ብተመሳሳሊ መገዲ ክልእኮም እንከሎ ንረኽቦ። ከምኡ ኣብ ዮሓ 4፡35 ንረኽቦ።

ብዛዕባ ጸዋዕታ ክንሰብኽ ከሎና ብዝያዳ እንጥቀሞ ምዕራፍ እዩ። ብዙሕ ጊዜ መጸዋዕታ ንዝያዳ ብዝሒ ካህናት፥ መነኮሳንን ኣርድእትን ዘስምዕ ገርና ንወስዶ። ብርግጽ ከምኡ እዩ እንተኾነ ኢየሱስ ነዚ ክብል እንከሎ ሓዋርያትን መነኮሳትን ኣይነበሩን፥ እዚ ሓሳብ እዚ ዝተባህሎ ንኹሎም ሰዓብቲ ኣብቲ ግራት ብዙሓት ዝዓዩ ክልኣኹ ዝዕድም እዩ። ኣብዚ ክንጥንቐቐሉ ዘሎና ንርእስና ገሊልና ኣነ ብዓል ሓዳር እየ ድሮ ናታይ ተልእኮ ኣሎኒ ከይንብል። እቲ መጸዋዕታ ነንፍስወከፍና እዩ በብወገና መልሲ ክንህበሉ ዝሓተና እዩ። መልሲ ካብ ምሃብ ክንድንጉየሉ ዘይግብኣና ጉዳይ እዩ። ኩልና ኣብ ግራት ኣምላኽ ክንዓዪ ዕዱማት ኢና።

2. **ኢየሱስ እቲ ተልእኮ ቀሊል ከምዘይኮነ የጠንቅቕ።** ከም ኣባግዕ ናብ ማእከል ተኲሉ እሰደኩም ኣሎኹ። መልእኽቲ ሰላም ፍቕሪ ሓልዮት ርትዒ ክንዲ ዘምጽኣልና፥ ኣብ ክንዲ ብሕጉስ ገጽ ዝቕበሉና ብዓቢ ተቓውሞን ስደትን ንጽገትን እዩ ዝጓነፈና። መልእኽትና ከም ዘፍርሕ ነገር ክርአ እዩ። ሰባት ብጌጋ ክርድእዎን ብጠዋይ መገዲ ክርእይዎ እዮም። ምስክርነት እምነት መስዋዕቲ ይሓትት። ሰይጣን ዝተዓወተሎም ክቃወሙና እዮም ነዚ ፈሊጥና ኩሉ ጊዜ ንፈተና ንውርደት ስንድዋት ንኹን ሽዑ ክቐለና እዩ።

3. **ኣብ ተልእኮ ክርስቶስ ክትወፍር ከሎኻ ሓንቲ ምምላእ ኣየድልን፡** ኢየሱስ ብርእሱ ኣብ ሓንቲ ዘዕርፈሉ ኣይነበሮን እተን ዝተኸድነን ክዳውንቲ ጥራሕ እየን ነረንኦ። ብዙሓት በቲ ዝውንንዎ ተገዚኦም ይነብሩ። ገለ እውን ንብረቶም ከይጠፍኦም ብዝተራቐቐ መጋበሪ ክሕልውዎ ይሽገሩ። ክንህብትምን ብዙሕ ነገር ክንውንን ኢልና ኣብ እንጉዓዞ መገዲ መሰረታዊ ህያብ ነጻነትና ነጥፍእ። ኣብ መገዲ ዕላል ከየብዝሑ የጥንቅቖም፥ ንተልእኮኦም ከብጽሑ ክንየዩ ይግባእ። እናተዛነኻ መልእኽቲ ወንጌል ኣይበጽሕን እዩ። ኣብዚ እዋን ኣብቲ ገፍሕ ግራት ውሑዳት ሰራሕተኛታት እዮም ዘለዉ።

4. **ልኡኻት ኢየሱስ መልእኽቲ ሰላም ዘምጽኡ እዮም።** ሰላም ክብሃል እንከሎ ልዕሊ እቲ ዕግርግር ዘይብሉ እዋን እዩ ዘስምዕ። ሰላም ክብሃል እንከሎ ኣብ ውሽጢ ነፍስወከፍ ምስ ርእሱ ምስ ሰባትን ከባቢን ምስ ኣምላኽን ዘሎና ሰላም እዩ ዘስምዕ። ገበርቲ ሰላም ዕዉታት እዮም ምኽንያቱ ደቂ እግዚኣብሔር ክብሃሉ እዮም። ካብዚ ዝበልጽ ህያብ ንሰባት ክነቕርበሎም ኣይንኽእልን ኢና። እዚ ማእከለ ናይ ክርስትያናዊ መልእኽቲ እዩ። እምነት ተስፋን ፍቕርን መፋትሕ ሰላም እየን። ልኡኽ ክርስቶስ ልኡኽ ሰላም እዩ።

5. **ሰባኽ ወንጌል ኣብታ መጀመርያ ዝተቐበለቶ ገዛ ክጸንሕ ኣለኦ።** ዝበለጸ ቦታን ኩነታትን ክረክብ ኢሉ ሃዘው ክብል የብሉን። ብርግጽ ከም ልኡኽ ኣምላኽ መጠን ጽቡቕ ተቐባልን መዕረፍን ክውሃቦ ይግባእ ንሰራሕተኛ ዓስቡ ይግብኦ እዩ። እዚ እዩ ኢየሱስ ንባዕሉ ዝነብሮ ዝነበረ፥ እዚ ኸኣ እዩ ከም ቀንዲ መምርሒ ኣብ ማሕበር ክርስትያን ክኸውን ዘለኦ፥ ሰባት ኣብ ነንድሕዶም ርክብ ክገብሩ ከምኡ ኣብ መንጎ ምትሕግጋዝ ክገብሩ ብዝያዳ ነቶም ሓገዝ ዘድልዮም ቆላሕታ ክግበረሎም። ኣብ ማቴ 10፡10 ከምኡ ኣብ 1ቆሮ 9፡14፥ 1ጢሜ 5፡18 ዘሎ ክነጻጽሮ ንኽእል።

6. **ቀዳማይ ተልእኮ ኣርድእቲ ክርስቶስ ኣብ ዝኸድዎ ንሕሙማት ምሕዋይ እዩ።** ኣብ ማቴ 10፡7-8 ሓደ ዓይነት ሓሳብ ንርኢ። ምሕዋይ ክብሃል እንከሎ ብገፍሕ ርድኢት ክንወስዶ ይግባእ፥ ማለት ሰውነት፥ ስምዒት፥ ኣእምሮን መንፈስን የስምዕ። ምሕዋይ ካብ ምሕማም ነጻ ምዃን ጥራሕ ዘይኮነ ነቲ ሰብ ከምብሓድስ ብምሉእ ክሉንትናኡ ምሕዋዩ ምሉእ ምግባሩ ማለት እዩ። ምሕዋይን ምልኣትን ኣብ ሕይወት ግለ ሰባትን ኣብ ማሕበራትን ናይ መንግስቲ ኣምላኽ እንታይነትን ማእከል ስራሕ ኢየሱስን ናይ ተኸተልቱን እዩ። ከምዚ ከኣ ይብሉ መንግስቲ ኣምላኽ ቀሪባ እያ፥ እዚ ንስለ ዘረባ ኢሎም ዝብልዎ ኣይኮነን። ሕመረት ትምህርቲ ኢየሱስን መግለጺ ስለምንታይ ሰባት ኣብ ሕይወቶም ምሕዋይን ምሉኣት ኣብ ሕይወቶም ይረኽቡን እዩ። እዚ እዩ ሳዕቤን ናይ መንግስቲ ኣምላኽ ምምጻእ፥ እዚ እዩ ትርጉም ናይ መንግስቲ ኣምላኽ ምምጻእ። ናይ ኣምላኽ ኃይሊ ንሕይወቶም ሰንጢቑ ይኣቱ እሞ ይሕድሶምን እንደገና ምሉኣት ይገብሮም።

ሉቃስ መንግስቲ ኣምላኽ ዝብል 30 ጊዜ ይደጋግሞ፥ ማቴዎስ ልዕሊ 50 ጊዜ ይደጋግሞ። ወንጌል ማቴዎስ ናይ ብሓቂ ወንጌል ናይ መንግስቲ ኣምላኽ እዩ። እዚ መንግስቲ ኣምላኽ ዝብል ዝተፈላለየ ትርጉም ክህልዎ ይክእል፥ ዘለዓለማዊ መንግስትነት ኣምላኽ፥ ኣብ ኣካል ኢየሱስ ዝርከብ ንግስነት፥ ኣብ ግዙፍ ኣካል ኢየሱስ ዝርከብ ትስብእቱን፥ ኣብ ልዕሊ ሓዋርያቱን ኣብ ልዕሊ እቶም ንሶም ዝተኸልዎም ማሕበራትን መጻኢ መንግስቲ ኣብ ዝመጽእ ሕይወትን እዩ። ብሓጺሩ መንስቲ ኣምላኽ ናይ ኣምላኽ ግዝኣት ኣብዚ ሕጂ ዘሎናዮ ዝመጽእ እዩ ዘስምዕ።

7. **ኣብ ዝኾነ ቦታ እንተ ዘይተቐበሉኹም ሓዲግክምዎም ናብ ካልእ ኪዱ።** እቶም ነዚ ዝገብሩ ከይተረፈ መንግስቲ ኣምላኽ ከም ዝቐረበት ክፈልጡ እዮም። ኩሉ ጊዜ ኣብቲ ብምኽንያት መንግስቲ ኣምላኽ ዝተነጽጉሉ ኣብኡ ኣብ መወዳእታ ኣብቲ ዝለዓለ ክምለሱ ምሉእ ተስፋ ኣሎ። ንልኡኻት ኣምላኽ ዘይምቕባልን ምስዳዶምን ንርእሶም ከምቲ ንልኡኻት ኣምላኽ ኣብ ሰዶምን ጎመራን ብዘይምቕባሎምን ኣብ ዝገደደ ጥፍኣትን ውርደትን እዮም ዝወርዱ። እቶም ንመልእኽቲ ኣምላኽ ሰሚዖም ዋጋ ዘይሃብዎ ብዝያዳ ተሓተቲ እዮም።

ነዚ ኹሉ ዝተባህለ ቃል ንቓሉ ኣብ ተግባራትና ብመንጽር ወንጌል ክርእዮ የብልናን፥ እንተኾነ ንጹር ዝኾነ መምርሕን ትርጉም ዘለዎ ኣካይዳን ሒዝና ክንከይድ ክንጽዕር ኣሎና። ብግልናንን

ብሓባርን ኣብ ጉዕዞ ሕይወትና ክንሓስብ ኣሎና፥ ከመይ ገርና ትምህርተ ወንጌል ኣብ ግብሪ ከም እንውዕሎ ክንሓስብ ኣሎና። ምስቶም ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ወንጌል ክርስቶስ መምርሒ ሕይወትና ክንገብሮ ዓየይቲ ኣብ ግራት ኣምላኽ ክንከውን ኣሎና።

ምእንቲ ጸዋዕታ ኩሉ ጊዜ ክንጽሊ ይግብኣና። ነቲ ዋና ስራሕ ኣብ ግራቱ እኹላት ዓየይቲ ክልእኽ ክንልምኖ ኣሎና። ነዚ እናገበርና ነፍሲ ወከፍና ኣብ ግራት ኣምላኽ ክንዓዪ ልኡኻት ምዃና ፈሊጥና እጃምና ክነበርክት ሓግዘና ንበሎ። ኣብ ግራት ኣምላኽ ዝወፍሩ ካልኦት ኣይኮኑን ኣነን ንሱኹምን ኢና። ንኣምላኽ ኣብ ግራትካ ክንዓዪ ሓግዘና ንበሎ።

ማርያም ቀዳመይቲ ኣብ ግራት ኣምላኽ ክትዓዪ ፍቓደኛ ኮይና ንድላይ ኣምላክ ሕራይ ዝበለት ኣደና እያ። ደቂ ማርያም ኮና መጀመርያ ሕይወትና ኣብቲ ኣምላኽ ዝደልዮ መገዲ ኣትሒዝና ብዘሎና ሕይወትን ዓቕምን ወዳ ዝደልዮ ንግበር። ድላይ ወዳ ዝበለና ክንገብር እንከሎና እዩ። ንዝበደለና እንተ መሓርና ንዝተባእሰና እንተ ተዓረቕና ንዝጸገሞ እንተ ረዳእና ንኽፉእ ካባና እንተ ኣርሓቕና እዩ እሞ ብኹሉ ተሓዲስና ኣብጻሕቲ መልእኽቲ ኣምላኽ ንኹን።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ